
# መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት



## ካብ ሰዳጉ
## ናብ ሰባኺ

ጸሓፊ ፦ Edward Hughes

ገላጺ ፦ Janie Forest, Alastair Paterson

ኣወሃሃዲ፣ Ruth Klassen

ተርጋሚ፦ ተስፈኣለም በራኺ፣
ሙሉጌታ ዘርኣይ፣ ጸሃይነሽ ታደሰ

ኣባዛሒ፦ Bible for Children
www.M1914.org

©2025 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቑድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣



ኣምላኽ ብ ህዝቡ ኣቢሉ ዓበይቲ
ነገራት ይገብር ነይሩ ኢዩ፡

ፊልጶስ ዚበሃል ሓደ ሰብኣይ
ኣብ ሓንቲ ብዝሒ ነበርቲ
ዘለዋ ከተማ ብዛዕባ ኢየሱስ
ይምስክር ነይሩ እንተኾነ ግን
ኣምላኽ ናብ ምድሪ በዳ
ክኸይድ ለኣኾ፡
ስለምንታይ፡



ኣምላኽ ኣብ ምድሪ በዳ ኣብ ትሕቲ
ንግስቲ ኢትዮጳያዊ ህንደኬ
ኢትዮጵያ፡ ሓላፊ ዝነበረ ሰብ ናብ
ቤቱ እንዳተመልሰ ከሎ ፍልይቲ
መጽሓፍ የንብብ ነበረ፡ እታ
መጽሓፍ እንታይ ከም ዝነበረት
ክትግምት ትኽእልዶ፡



ፊልጶስ ንኣምላኽ ምስ
ተኣዘዘ ኣምላኽ ብቐጥታ ናብቲ
ኺይተረድኦ ንቓል ኣምላኽ ዜንብብ
ዝነበረ ሰብ መርሖ፡ ንፊልጶስ
ድማ ምስኡ ኺሓብር ዓዲምዎ።

ፊሊጳስ ድማ "እዚ እተንብቦ ዘሎኻስ ተስተውዕሎ’ዶ ኣለኻ" ኢሉ ሓተቶ፡ ኣብቲ ምድረ በዳ ብሰረገላ እንዳከዱ ድማ ፊልጶስ ኣፉ ኸፈቱ ካብታ ጥቕሲ እቲኣ ጀሚሩ ብዛዕባ ኢየሱስ ሰበኸሉ።





እቲ ኣፍሪቃዊ ሓላፊ
ድማ ነዊሕ ከይጸንሐ ኢየሱስ ክርስቶስ
ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ ዚገልጽ መልእኽቲ
መጽሓፍ ቅዱስ ኣመነ፡ ማይ ምስ ረኣየ ድማ
"ንኸይጥመቕ ዚዓግተኒ እንታይ ኣሎ፡ በለ።

ፊልጶስ ከኣ "ብምሉእ ልብኻ እንተ ኣሚንካ ትክእል ኢኻ" በሎ። እቲ ሓሊፉ ድማ "ኢየሱስ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ እኣምን እየ" ኢሉ ምስ መለሰ ፊልጶስ ናብ ማይ ወሲዱ ኣጠመቖ።



ካብቲ ማይ ምስ ወጹ ኸኣ መንፈስ
ጐይታ ንፊልጶስ ወሰዶ፣ ስለዚ እቲ
ኣፍሪቃዊ ሓላፊ ደጊሙ ኣይረኣዮን፡
ብሓጐስ ድማ ናብ ኢትዮጵያ ተመልሰ!




ገሊኦም ሰባት ግን ነቶም ክርስትያን ይጸልእዎም ነበሩ፡ እቲ ሓደ ካብ የዕሩኽ ፊልጶስ ዝነበረ እስጢፋኖስ ብዛዕባ ኢየሱስ ክምስክር ከሎ በዚ እተቘጥዑ ሰባት ቀቲለሞ ኢዮም፡ ኣብ ጠርሴስ ዚነብር ሳኦል ዚበሃል ሰብ ውን ኣብቲ ናይ እስጢፋኖስ ሞት ተሳቲፉ ኢዩ፡ ሳኦል ንኹሎም ክርስትያን ኣዝዩ ይጸል ኦም ነበረ።



ሳውል ንክርስትያናት ሓደጋ ከውድቀሎምን፡
ኪቐትሎምን ምእንቲ ናብቲ ሊቀ ኻህናት
ከይዱ ንኢየሱስ ዝሰዓቡ ሰብኡት ወይ ኣንስቲ
ንክኣስር ዝፈቅድ ደብዳበታት ኣጽሓፈ።






እቲ ምስኪን ጠርሴሳዊ
ሳኦል! ንህዝቢ ኣምላኽ
ኪጐድእ ከሎ ንጐይታና
ኢየሱስ ይጐድኦ ኸም ዘሎ
ኣይፈልጥን ነይሩ፡ ኣምላኽ
ንሳኦል ደው ኬብሎ ነበሮ፡
ግን ብኸመይ ድው የብሎ፡


ኣምላኽ ንሳኦል "ኣሰሮ"!
ሳውል ናብ ከተማ ደማስቆ
ኣብ ዚወስድ መገዲ ኸሎ
ኣምላኽ ካብ ሰማይ ዓብዩ
ነጸብራቕ ብርሃን ኣውደቀሉ፡
ሳኦል ድም ናብ ምድሪ ወደቐ፡
ድሕሪኡ ድምጺ ሰምዐ።







ሳኦል ድማ "ጐይታይ መን ኢኻ" ኢሉ መለሰ፡ ኣነ እቲ እተሳደደኒ ዘለኻ ኢየሱስ እየ፡ ድማ በሎ፡ ሳኦል ራዕራዕ እናበለ "ጐይታይ እንታይ ክገብር ትደልየኒ፡ ኣሎኻ በሎ፡ ጐይታ ኸኣ "ተንስእ እሞ ናብ ከተማ ኺድ እንታይ ክትገብር ከም ዘሎካ ኺንገረካ እዩ" በሎ።

እቶም ምስ ሳኦል ዝነበሩ
ሰባት እውን ነቲ ድምጺ
ሰሚዖምዎ ኢዮም፣ ግናኸ
ሓደ ነገር እኳ ኣይረኣዩን፡
ሳውል ካብ ምድሪ ምስ
ተንስአ ኣዕንቱ ዓዊሩ
ነበረ፡ እቶም ምስኡ
ዝነበሩ ሰባት ድማ
መሪሖም ድማ ናብ
ደማስቆ ወሰድዎ ።



ሳውል ኣብታ ኸተማ ምስ ኣተወ፡
ሰለስተ መዓልቲ ኣዕንቱ ዓዊሩ ነበረ፡
መግቢ ውን ኣበይልዕን፡ ማይ ውን
ኣይሰተየን፡ ምናልባት ኣብዚ ግዜ
እዚ ናብቲ ኣብ መገዲ ደማስቆ
ዝረኸቦ ጐይታና ኢየሱስ
ይጽሊ ነይሩ ይኸውን ።



ኣምላኽ ንኩሉ ነገር መደብ ነይርዎ ኢዩ፡
ኣብ ደማስቆ ሃናንያ ዝስሙ ወደ መዝሙር
ነበረ፡ ንሳ ኦል ክሕግዞ ድማ ጐይታ ለኣኾ፡
ሃናንያ ፈሪሁ እኳ እንተነበረ ንኣምላኽ
ግን ተኣዚዙ ንሳኦል ኣእዳዉ ምስ
ኣንበረሉ ድማ እቲ ዕውረት ካብ
ሳኦል ተላዕለ፡ ሳውልን ድማ
ብመንፈስ ቅዱስ ተመልአ።




ሳኦል ድማ ተጠምቀ፡ መግቢ ምስ በልዐ ድማ ድማ ሓይሉ በርትዐ፡ ሳኦል ብርታዐ የድልዮ ነበረ ኣዝዩ ኣገዳሲ ነገር ዝጽበዮ ስለ ዝነበረ።



ብኡንብኡ ሳውል ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ ኣብ ምኵራባት ክሰብኽ ጀመረ፡ ሽዑ ኵሎም እቶም ዝሰምዑ ተገረሙ እሞ፡ እዚ ድኣ እቲ ንክርስትያናት ዘሳድድ ዝነበረ ሰብ’ዶ ኣይከነን ኢሎም ተገረሙ፡ ገሊኦም ከኣ ንሳኦል ኪቕትልዎ ውዲት ኣለሙ።





እቶም ጸላእቱ ድማ ሳኦል ካብታ ኸተማ ኺወጽእ እንተ ፈተን ክቀትልዎ ምእንቲ ነቲ ኣፍ ደገታት እታ ኸተማ ይጸናጸንዎ ነበሩ፡ እቶም ሓደስቲ ክርስትያን ግን ብለይቲ ን ሳኦል ኣብ ዓብዪ ኸፈር ገይሮም በቲ መንደቅ ኣውረድዎ። ካብቲ ግዜ እቲ ኣትሒዞ ኸኣ እቲ ሰጓጒ ክርስትያናት ዝነበረ ሳውል እሙን ሰዓቢ እቲ ሓድሽ ጐይታኡ ዝኾነ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኮይኑ ተመላለሰ።

ካብ ሰጓጉ ናብ ሰባኺ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ግብሪ ሓዋርያት 8-9

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፣130

መፈጸምታ

58

60

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ!
የውሃንስ 3።16